# ድሕነት ትራፊክ ንህጻናት ዘለዎም ወለዲ



ናይ ህጻናት ድሕነት ትራፊክ ሓላፍነት ናይ ዓበይቲ ሰባት ኢዩ።

ውሑስ ትራፊክ

# ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ህጻናትን ትራፊክን።

**ድሕነት ህጻናት ኣብ ትራፊክ ሓላፍነት ናይ ዓበይቲ ኢዩ።** እዚ ማለት ኣብ ልዕሊ እቲ ባህርያዊ ሓላፍነት ናይ ወለዲ፡ መደብቲ መጓዓዝያ፡ ኣፍረይቲ ተሽከርከርቲ፡ መምህራን ከምኡ ውን ካልኦት መራሕቲ ተሽከርከርቲ ንናይ ህጻናት ክእለትን ሕጽረታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብኡ ተሞርኪሶም ክምድቡ ኣለዎም።

ህጻናት ኣብ ትራፊክ ቀጻሊ ክትትል ከም ዘድልዮም ምዝራብ ዘድልዮ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ህጻናት መዓስ ኣብ ትራፊክ ውልቃዊ ሓላፍነት ወሲዶም በይኖም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ  ምፍላጥ ከቢድ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እዚ ብቐንዱ ብኩነታት ናይ ትራፊክ ኣብ ከባቢ እቲ ገዛ፡ መውዓሊ ህጻናትን መጻወቲ ቦታን ይውሰን። ብሓጺሩ፡ ህጻናት ኣብ ከባቢኦም ውሕስነትን ድሕነትን ክህልዎም ክኽእል ኣለዎ፡ ወላ ውን በይኖም ክግደፉ ዘይክእሉ ነኣሽቱ ህጻናት እንከለዉ። ነኣሽቱ ህጻናት ኣብ ሓደ ትራፊክ ዘለዎ ከባቢ ክዛወሩ እንከለዉ ኩሉ ግዜ ብሓደ እኹል ሰብ ክስነዩ ኣለዎም። ህጻናት ቀስ ብቐስ ናይ ባዕሎም ሓላፍነት ክወስዱ ክመሃሩ የድልዮም፡ ብሓገዝ ዓበይቲ ሰባት ድማ ኣብ ትራፊክ ብሰላት ንኽኾኑ ተሞክሮ ክጥርዩ ኣለዎም። እቲ ከባቢ ውሑስ እንተኾይኑ፡ እቶም ህጻናት እንዳዓበዩ ክኸዱ እንከለዉ ቀስ ብቐስ ነቶም ህጻናት ናይ ውልቆም ሓላፍነት ክወስዱ ክትሓድጎም ዝቐለለ ኢዩ። እቶም ህጻናት በይኖም ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ ድዮም ኣይክእሉን ብቐንዱ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዘሎ ዓይነት ትራፊክ ኢዩ ዝምርኮስ።

ህጻናት ኣብ ትራፊክ በይኖም ክኾኑሉ ዝኽእሉ ዕድመ እዚ ኢዩ ክንብል ዳርጋ ዘይከኣል ኢዩ፡ ምኽንያቱ ብቐንዱ እቲ ትራፊክ ዘለዎ ኣከባቢ ኣዝዩ ክፈላለ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ህጻናት ዝተፈላለዩ ስለዝኾኑ። ህጻናት ካብ 9-10 ዕድመ ምስ ገበሩ ኣብ ድሓን ዝኮነ ትራፊክ ዘለዎ ቦታ ናብ ቤት ትምህርቲ በይኖም ክኸዱ ይኽእሉ ኢዮም፡ ካብ 11-12 ዕድመ ምስ ገበሩ ድማ ኣብ ትራፊክ ዘለዎ ቦታ ብብሽክለታ ክኸዱ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል ልምዳዊ ገምጋም ኣሎ - እንተኾነ ግን ህጻናት ፈጺሞም በይኖም ክሓልፍዎ ዘይብሎም ትራፊክ ዘለዎ ቦታታት ኣሎ፡ ከምኡ ውን ነኣሽቱ ህጻናት ውን ንቤት ትምህርቲ ብብሽክለታ ክኸዱሉ ዝኽእሉ ውሑስ፡ ድሕነት ዘለዎ፡ ዘይተቐራረጸን ናይ ብሽክለታ መንገድታት ዘለዎ ቦታታት ኣሎ።

ኣብዚ NTF ብዛዕባ ነኣሽቱ ህጻናትን ትራፊክን ኣገዳሲ ሓበሬታ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ በይኖም ኣብ ትራፊክ ክኸዱ ቅድሚ ምጅማሮም ኢዩ። እቲ ሓበሬታ ኣብ ድሕነት ህጻናት ኣብ መካይንን ኣብ ብሽክለታን የተኩር፡ ግን ብዛዕባ ድሕነት ኣብ ኣውተቡሳትን ናይ ኣጋርን ክፋላት ውን ኣለዉ።

# ድሕነት ህጻናት ኣብ መካይን

እታ መኪናን እቲ ናይታ መኪና ናይ ድሕነት መሳርሒታት - ማለት መቐነት፡ ከረጺት-ኣየርን ኮፍ መበሊታትን - ንናይ ዓበይቲ ሰባት ኣካላት ተባሂሎም ዝተነድፉን ዝተመጠኑን ኢዮም። ህጻናት ካብ ዓበይቲ ሰባት ዝያዳ ተኣፈፍትን ዝደቐቑን ኢዮም። ኣሰራርዓ ኣካላቶም ውን ካብቲ ናይ ዓበይቲ ሰባት ዝተፈልየ ኢዩ፡ እዚ ማለት ድማ ህጻናት ኣብ እዋን ሓደጋ ዝያዳ ዝተቓልዑ ኢዮም ማለት ኢዩ። ኣብ ዕድመኦም ብምምርኳስ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ፡ ቅናት ድሕነት ህጻንን ወይ ድማ ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል/ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ብምጥቃም ፍሉይ ምክንኻን የድልዮም።

**ብመሰረት ሕጊ ስዊድን** ዝኾነ ኣብ መኪና ብቐድሚትን ብድሕሪትን ዘሎ ሰብ መቐነት ክገብር ኣለዎ።ቁመቶም ትሕቲ 135 ሴሜ ዝኾኑ ህጻናት ድማ ፍሉይ ቅናት ድሕነት ክጥቀሙ ኣለዎም፡ ማለት ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ፡ ቅናት ድሕነት ህጻን ወይ ድማ ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል/ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ክጥቀሙ ኣለዎም።**እቲ ቅናት ድሕነት ናይ ብቑዓት-ፍቓድ ዝተዋህቦን ነቲ ህጻን ምቑእን ክኸውን ኣለዎ፡ ብከምቲ ዕላምኡ ክቕመጥን ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን ድማ ኣለዎ።**

**ንድሕሪት ገጹ ዝጥምት - እቲ ዝሓሸ ውሕስነት ኣለዎ**

ህጻናት ብዝተኻእለ መጠን ንድሕሪት ገጾም እንዳጠመቱ ክጓዓዙ ኣለዎም። ምኽንያቱ እቲ ናይቲ ህጻን ርእሲ ምስቲ ክሳዱን ጭዋዳታቱን ክጻወርዎ ዝኽእሉ ሓይልታት ክወዳደር እንከሎ ኣዝዩ ዓቢን ከቢድን ኢዩ። ንቕድሚት ገጽኩም ኮፍ ኢልኩም እንተሊኹም እሞ ድማ እታ መኪና ሃንደበት ፍጥነታ እንተቐኒሳ ወይ እንተተጋጭያ፡ ኩሉ ናብታ መኪና ብግቡእ ዘይተኣስረ ነገር ክሳብ ደው ዘብሎ ዝርከብ ንቕድሚት ምጉዓዝ ይቕጽል። እቲ ኣካላት በቲ መቐነት ተቐይዱ ኣሎ፡ እቲ ርእሲ ግን ንቕድሚት ይድርበ እሞ ተወንጪፉ ይምለስ። እቲ ናይቲ ህጻን ክሳድ ነዚ ናዕታዊ ምንቅስቓስ እዚ ክጻወር ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ቆልዓ ክሳዱ ክስበር ይኽእል፡ ንሕና እቶም ዓበይቲ ሰባት ድማ ማህሰይቲ ክሳድ ከጋጥመና ይኽእል።

ከምዚ ስለ ዝኾነ ኢዩ ህጻናት፡ 4-5 ዓመት ክሳብ ዝገብሩ፡ ንክንዲ ዝተኻእለ እዋን ንድሕሪት ገጾም ጠሚቶም ኮፍ ክብሉ ዘለዎም። ድሕሪ እዚ ዕድመ እዚ ጥራይ ኢዮም እቶም ናይ ክሳድ ጭዋዳታት ብግቡእ ዝምዕብሉ፡ ዝበዝሑ ህጻናት ድማ ንድሕሪት ገጹ ዝጥምት ኮፍ መበሊ ዘይኣኽሎም ኣዝዮም ከበድቲ ወይ ነዋሕቲ ዝኾኑ።

**ፍቓድ**

ኣብ ስዊድን ንሓደ ቅናት ድሕነት ክትጥቀሙሉ እንተኼንኩም፡ ኣብ ትሕቲ ECE R44 ወይ ኣብ ትሕቲ i-Size (UN R129) ዝተፈቐደሉ ክኸውን ኣለዎ።

ECE R44 ክሳብ ሓደ ክፍሊ ክብደት ዘለዉ ኮፍ




መበሊታት የፍቅድ፡ i-Size ግን ኣብቲ ናይቲ ህጻን ቁመትን ገምጋም ዕድመን ተሞርኪሱ ኮፍ መበሊታት የፍቅድ። i-Size ኣብ መንጎ መኪናን ኮፍ መበሊን ኣብ ዘሎ ኣሰራርዓ ዝያዳ ጽኑዕ ጠለባት ይሓትት፡ ፈተነ ናይ ጎድኒ ግጭት ዝርከቦ ዝሓሸ ናይ ግጭት ፈተናታት ድማ ይግበረሉ።

ንሓደ ብጽቡቕ ዝሰርሕ ዘሎ ኣብ ትሕቲ ECE R44 ዝተፈቕደሉ ኮፍ መበሊ ሓደ ሓድሽ ፍቓድ ስለ ዝወጸ ጥራይ ምቕያሩ ኣየድልን ኢዩ። ECE R44ን i-Sizeን ንሓያሎ ዓመታት ጎድኒ ጎድኒ ምስራሕ ክቕጽሉ ኢዮም።

ኣብ ስዊድን ቅናት ድሕነት ህጻናት ሓለፋ ፍቓድ (Plus approval) ውን ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ኣብ ስዊድን ዝግበር ወለንታዊ ተወሳኺ ፈተነ ኮይኑ ኣብ ግዜ ናይ ቅድሚት ግጭት ኣብቲ ናይቲ ህጻን ክሳድ ንህይወት ዝፈታተኑ ሓይልታት ከም ዘይዓዩ የረጋግጽ። ኣብ ትሕቲ መምርሒ ECE R44 እቲ ሓለፋ ፍቓድ ንናይ 18 ኪግ (ISO-fix ኮፍ መበሊ) ወይ ናይ 25 ኪግ (ብመቐነት ዝእሰር ኮፍ መበሊ) ናይ ክብደት ምድባት ይፍቀደሎም፡ ግን ወላ i-Size ኮፍ መበሊታት ውን ኣብ ግዜ ሓደጋ ኣብቲ ናይቲ ህጻን ክሳድ እንታይ ዓይነት ሓይልታት ከም ዝዓዩ ንምርግጋጽ ተወሳኺ ሓለፋ ፍቓድ የድልዮም።

### ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ

እቲ ህጻን ካብ ናጽላን ክሳብ 6-9 ኣዋርሕ ኣብ ዘሎ ግዜን ኣብ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ይጓዓዝ። እቲ ኮፍ መበሊ ንድሕሪት ገጹ እንዳጠመተ ኣብቲ ናይ ቅድሚት ወይ ናይ ድሕሪት ሰድያ ይቕመጥ፡ በቲ ናይታ መኪና ሰለስተ ነጥቢ




መቐነት ድማ ይእሰር፡ ወይ ድማ ምስ ሓደ በቲ ናይታ መኪና መቐነት ዝተኣሰረ መሰረት ይእሰር፡ ወይ ድማ ናብ ስርዓት መላገቢ ISOFIX ይእሰር። ሓደ መሰረት ነቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ክትኣልዮን ኣብታ መኪና መሊስካ ከተቐምጦን ቀሊል ይገብሮ። እቲ ከረጺት-ኣየር ብሓደ ፍቓድ ዘለዎ ጋራጅ ወይ ነቲ ኣብ መፍትሕ ዝተመርኮሰ ናይ ከረጺት-ኣየር መደስከሊ ዕማም ብምጥቃም ከም ዘይሰርሕ እንተተገይሩ፡ እቲ ናይ ቅድሚት ናይ ተጓዓዚ ኮፍ መበሊ ነቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ጽቡቕ ቦታ ኢዩ ምኽንያቱ ኣብታ መኪና በይንኹም እንተሊኹም ነቲ ህጻን ክትርእይዎ ጽቡቕ ዕድል ይፈጥረልኩም።እቲ ህጻን በቲ ኣብቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ዝተገጥመ መእሰሪ ኣብ ቦትኡ ይተሓዝ።

እቲ ህጻን ሓንሳብ ብገዛእ ርእሱ ብዘይ ደገፍ ኮፍ ክብል ምስከኣለ፡ ወይ ድማ ካብቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ንላዕሊ ምስዓበየ፡ ናብ ንድሕሪት ገጹ ዝጥምት ቅናት ድሕነት ህጻን እንቕየረሉ ግዜ ይኸውን።

ርእሲ ናይቲ ቆልዓ ካብ ጫፍ ናይቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ክሓልፍ ምስ ጀመረ፡ ወይ ድማ ነቲ ናይ ክብደት ገደብ ምስሓለፎ እቲ ቆልዓ ካብቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ንላዕሊ ዓብዩ ኣሎ።

### ቅናት ድሕነት ህጻን

ሓንሳብ እቲ ህጻን ብዘይደገፍ ረጊኡ ኮፍ ክብል ምስጀመረ፡ ናብ ድሕሪት ገጹ ናብ ዝጥምት ቅናት ድሕነት ህጻን እንቕየረሉ ግዜ ኢዩ።

ንድሕሪት ገጹ ብምጥማት ምስቲ ናይ ተጓዓዝቲ ኮፍ መበሊ ወይ ዳሕረዋይ ኮፍ መበሊ ብቑልፊን ብመቐነትን ወይ ብስርዓት መላገቢ ISOFIX ተኣሲሩ ይገጥም። እቲ ህጻን በቲ ኣብቲ ቅናት ድሕነት ዝተገጥመ መእሰሪ ኣብ ቦትኡ ይተሓዝ።

ህጻናት 4-5 ዓመት ክሳብ ዝገብሩ ክንዲ ዝተኻእለ እዋን ንድሕሪት እንዳጠመቱ ክጓዓዙ ኣለዎም።

እቲ ከረጺት-ኣየር ብሓደ ፍቓድ ዘለዎ ጋራጅ ወይ ነቲ ኣብ መፍትሕ ዝተመርኮሰ ናይ ከረጺት-ኣየር መደስከሊ ዕማም ብምጥቃም ከም ዘይሰርሕ እንተተገይሩ፡ እቲ ናይ ቅድሚት ናይ ተጓዓዚ ኮፍ መበሊ ነቲ ቅናት ድሕነት ህጻን ጽቡቕ ቦታ ኢዩ፡ ምኽንያቱ ኣብታ መኪና በይንኹም እንተሊኹም ነቲ ህጻን ክትርእይዎ ጽቡቕ ዕድል ይፈጥረልኩም ነቲ ህጻን ድማ ዝያዳ ናይ መዘርጊሒ እግሪ ቦታ ይህቦ።

ገለ ህጻናት ብፍላይ ኣብቲ ዳሕረዋይ ኮፍ መበሊ እግሮም ዝዝርግሑሉ ቦታ ክጸቦም ይኽእል ኢዩ፡ እግሮም ሓፍ

ኣቢሎም “ቅዲ ህንዲ” ወይ ድማ ኣእጋሮም ኣብ ልዕሊ ናይታ መኪና ኮፍ መበሊ ሰቒሎም ክኾኑ ይኽእሉ - እዚ ዝኾነ ጸገማት ኣየመጽእን ኢዩ።

እንተኾነ ግን ሓደ ሲሶ ካብ ርእሲ ናይቲ ቆልዓ፡ ማለት ክሳብ ዓይኑ ዘሎ ክፋል፡ ካብቲ ላዕለዋይ ጫፍ ናይቲ ኮፍ መበሊ እንተወጽዩ፡ ወይ ነቲ ደረት ክብደት ናይቲ ኮፍ መበሊ እንተሓሊፍዎ፡ እቲ ቆልዓ ካብቲ ኮፍ መበሊ ንላዕሊ ዓብዩ ኣሎ።


## ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል/ክብ መበሊ ጉዝጓዝ

ኣብ ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል ወይ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ እቲ ህጻን ንቕድሚት ገጹ ኮፍ ይብል። እንተኾ ግን፡ እቲ ህጻን ንድሕሪት ገጹ ኮይኑ ክጓዓዝ ዝኽእል እንተዘይኮይኑ ጥራይ ኢና ንቕድሚት ገጹ ዝጥምት ቅናት ድሕነት ህጻን ክንጥቀም ዘሎና፡ እቲ ህጻን ቅድሚ 4-5 ዓመት ምግባሩ ድማ ክኸውን የብሉን። ነቲ ቅናት ድሕነት ህጻን ክትኣስርዎ ኣገዳሲ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግን ሓደ ሓደ ግዜ ምስቲ ናይታ መኪና ስርዓት መላገቢ ISOFIX ክትኣስርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ሓካይምን ተመራመርትን ህጻናት ዕድሜኦም ካብ 10-12 ዓመት ክሳብ ዝኸውን ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል/ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ክጥቀሙ ይመኽሩ። ህጻናት ኣብ ናይ ጉብዝናዕድመ ክሳብ ዘይበጽሑ ኣካላቶም ብዘይ ሓገዝ እቲ ክብ መበሊ ነቲ መቐነት ኣብ ቦትኡ ክሕዞ ኣይክእልን ኢዩ።

እቲ ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል ወይ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ነቲ ናይታ መኪና ስለስተ ነጥባዊ መቐነት ምስቲ ናይቲ ህጻን ኣካላት ከም ዝሰማማዕ ይገብሮ። እቲ ናይቲ ህጻን ኣዕጽምቲ ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዘይማዕበለ፡ እቲ መቐነት ንኣካላቱ ክከላኸሎ ምእንቲ ክኽእል እቲ ህጻን ክብ ክብል ክኽእል ኣለዎ። እቲ መቐነት ኣብ ክልዕ ቦትኡ ከም ዘሎ ኣረጋግጹ - ጥቓ ክሳድ ጌሩ ብልዕሊ ኣፍልቢ ሓሊፉ ንታሕቲ ገጹ ብልዕሊ ሰለፍ ይሓልፍ (ብከብዲ ክኸውን የብሉን)። እቲ መቐነት ናብ ኣካላት ቀረቡ እንተተኣሲሩ እቲ ዝህቦ ውሕስነት ድማ ዝሓሸ ይኸውን።

ኣብ ብዙሓት ሓደስቲ ሞዴላት መካይን ካብቲ ፋብሪካ ክትእዝዝወን እንከለኹም ኣብታ መኪና ዝተገጥመ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ክግበረላ ይኽእል ኢዩ። እዞም ጉዝጓዛት እዚኦቶም ነቲ ህጻን ኣዝዩ ጽቡቕ ውሕስነት ይፈጥሩ።



ካብ 0 ክሳብ 9 ወርሒ



ካብ 9 ወርሒ ክሳብ 4-5 ዓመት



ካብ 5 ክሳብ 10-12 ዓመት

ክግምጠሉ ዝኽእሉ ቅናት ድሕነት ህጻን ውሁድ (ኮምቦ) ኮፍ መበሊ ይበሃሉ፡ መብዛሕቲኡ ግዜ ድማ ንነኣሽቱ ቆልዑ ዘይኮኑ ኣዝዮም ትኽ ዝበሉ ኢዮም፡ ከም ክብ ኣቢሉ ኮፍ ዘብል ኮይኖም ድማ ብጽቡቕ ኣይዓዩን ኢዮም። ወለዲ ነቲ ህጻን ኣዝዮም ቀልጢፎም ንቕድሚት ገጹ ኮፍ ከብልዎ ንዘሎ ተኽእሎ ድማ የዕብዩ። ሓደ ክግምጠል ዝኽእል ኮፍ መበሊ ናብ ቅድሚት ኣብ ዝጥምት ቦታ እንተተጠቂምናሉ፡ እቲ ውሽጣዊ መቐነት ክእለ ኣለዎ፡ እቲ ህጻን ድማ በቲ ናይታ መኪና መቐነት ክትሓዝ ኣለዎ።

## ከረጺት-ኣየር

እቲ ናይ ተጓዓዚ ከረጺት-ኣየር ብቐንዱ ንዓበይቲ ሰባት ተባሂሉ ዝተነድፈ ኢዩ። እቲ ናይ ተጓዓዝቲ ኮፍ መበሊ ቁመቶም ካብ 140 ሴሜ ዝሓጽሩ ህጻናት ይጥቀሙሉ እንተልዮም፡ በቲ ኣፍራዩ ዝተዋህበ ካልእ ምኽርታት እንተዘየልዩ፡ እቲ ከረጺት-ኣየር ከም ዘይሰርሕ ክግበር ኣለዎ።

እቲ ከረጺት ኣየር ንድሕሪት ገጾም ኣብ ዝጥምቱ ህጻናት ኩሉ ግዜ ከም ዘይሰርሕ ክግበር ኣለዎ።

ናይ ጎድኒ ከረጺት-ኣየር ንድሕሪት ወይ ንቕድሚት ገጹ ኣብ ዝጥምት ቅናት ድሕነት ህጻን ኮፍ ኢሎም ንዘለዉ ህጻናት ዝኾነ ጸገም ኣየምጽሉምን ኢዩ።

እቲ ከረጺት-ኣየር ብሓደ ፍቓድ ዘለዎ ጋራጅ ወይ ነቲ ኣብ መፍትሕ ዝተመርኮሰ ናይ ከረጺት-ኣየር መደስከሊ ዕማም ብምጥቃም ከም ዘይሰርሕ እንተተገይሩ፡ እቲ ናይ ቅድሚት ናይ ተጓዓዚ ኮፍ መበሊ ንኣብ ኩሉ ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ጽቡቕ ቦታ ኢዩ።

## ኣቀማምጣ

ነቲ ኮፍ መበሊ ኩሉ ግዜ ብመሰረት መምርሒኡ (ማኑዋል) ኣቐምጥዎ። እቲ ኮፍ መበሊ ኣብ ቅኑዕ ኣተኣታትዋ ተሞርኪሱ ኢዩ ተፈቲኑን ጸዲቑን፡ እዚ ማለት ድማ እቲ ኮፍ መበሊ ብግቡእ እንተዘይተቐሚጡ ኣብቲ ህጻን እንታይ ዓይነት ሓይልታት ከምዝዓዩ ወይ እቲ ኮፍ መበሊ እንታይ ከምዘጋጥሞ ኣይንፈልጥን ኢና ማለት ኢዩ።

ስርዓት መላገቢ ISOFIX ኣቀማምጣ የሳልጥ ዘይቅኑዕ ኣቀማምጣ ኪጋጥም ዘለዎ ተኽእሎ ድማ የጉድል። ሓደ ብመእሰሪ ገመድ ብልክዕ ዝተቐመጠ ቅናት ድሕነት ህጻን ልክዕ ከምቲ ብስርዓት መላገቢ ISOFIX ዝተቐመጠ ኮፍ መበሊ ዝመጣጠን ውሕስነት ይህብ።

## ስንክልና ዘለዎም ህጻናት

ስንክልና ዘለዎም ኮይኖም ንቡር ናይ ህጻናት ሰድያ ክጥቀሙ ንዘይክእሉ ነኣሽቱ ህጻናት ዝኾኑ በጥ ኣቢልካክትጥቀመሎም እትኽእል ሰድያታት ኣለዉ። እንተኾነ ግን እዚኣቶም ከንድቲ ንድሕሪት ገጹ ዝጥምት ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ዝህቦ ውሕስነት ኣይህቡን ኢዮም።

ንዝዓበዩ ህጻናት ዝኾኑ ፍሉያት፡ ብፍሉይ ዝተሰርሑ ንቕድሚት ዝጥምቱን ንድሕሪት ዝጥምቱን መቐየዲ ኣለዉ።




ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ መሳርሒ ምስትገዝኡ

- ዕድመ ናይቲ ቅናት ድሕነት ህጻን ኣረጋግጹ። ሓደ ቅናት ድሕነት ህጻን ከሳብ 10 ዓመት ናይ ኣገልግሎት ዕድመ ክህልዎ ይምከር፡ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ድማ ካብ 5-7 ዓመት ናይ ኣገልግሎት ዕድመ ክህልዎ ይምከር።
- ነቲ መምርሒ (ማኑዋል) ርኸብዎ፡ እዚ ብሓፈሻ ኣብ ኢንተርነት ይርከብ ኢዩ።
- ነቲ መሳርሒ ፈትሽዎ።
- ቅናት ድሕነት ህጻን ካብ እትፈልጥዎን እትኣምንዎን ሰብ ጥራይ ግዝኡ። ርግጸኛታት እንተዘይኳንኩም፡ ሓድሽ ክትገዝኡ ዝሓሸ ኢዩ። ኣብ እዋን ግጭት ዝነበረ መቐነቲ መሳርሒ ክጓሓፍ ኣለዎ።
- ፍቓድ ናይቲ ኮፍ መበሊ ኣረጋግጹ።

# ህጻናት ኣብ ኣውተቡስ።

**ብመሰረት ሕጊ ስዊድን፡** ዝኾነ ልዕሊ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ መቐነት ኣብ ዘለዎ ኮፍ መበሊ ኮፍ ክብል ኣለዎ፡ ነቲ መቐነት ድማ ክጥቀመሉ ኣለዎ።

### ንድሕሪት ገጹ ዝጥምት ዝሓሸ ውሕስነት ኣለዎ

ልክዕ ከም ኣብ መኪና ህጻናት ንድሕሪት ገጾም እንዳጠመቱ ክጓዓዙ ዝሓሸ ውሕስነት ኣለዎ። ነቶም ዝነኣሱ ህጻናት፡ እቲ ዝሓሸ ነገር ነቲ ናይ ህጻን ኮፍ መበሊ ብምምጻእ ኣብቲ ናይታ ኣውተቡስ ኮፍ መበሊ ንድሕሪት ገጹ ከም ዝጥምት ጌርኩም ከተቐምጥዎ ኢዩ። እቲ መቐነት እኹል ንውሓት እንተዘየልይዎ እዚ ሓደ ሓደ ግዜ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ካብ 1-4 ንዝዕድሚኦም ህጻናት ዝሽበደ ኢዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ቅናት ድሕነት ህጻን ኣብታ ኣውተቡስ ምቕማጥ ክከኣል ይኽእል ኢዩ፡ ኩሉ ግዜ ግን ኣይኮነን። እዚ ማለት ድማ ሙብዛሕቲኡ ግዜ ትሕቲ ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ኣውተቡስ ብውሑስ ክጓዓዙ ኣሸጋሪ ኢዩ ማለት ኢዩ።

ልዕሊ 4-5 ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ ሓደ ክብ መበሊ ጉዝጓዝ ክትማልኡሎም ዝኾነ ጸገም የብሉን። ሒዝካዮም ክትጓዓዝ ቀለልቲ ዝተብሮም ባህርያት ዘለዎም ፍቓድ ዘለዎም ሞዴላት ኣለዉ፡ እዚኣቶም ወይ ኣብ ሳንጣ ክኣትዉ ዝኽእሉ ወይ ድማ ክንፍሑ ዝኽእሉ ክኾኑ ይኽእሉ።

ገለ ኣውተቡሳት ውሑዳት ንድሕሪት ዝጥምቱ ኮፍ መበሊታት ክህልውወን ይኽእሉ ኢዮም። ህጻን ሒዝኩም ትጓዓዙ እንተሊኹም፡ ንድሕሪት ገጾም ኮይኖም ክጓዓዙ ምእንቲ ክኽእሉ፡ ኩሉ ግዜ ሓደ ካብዚኦም ኮፍ መበሊታት ምረጹ።

ኣብ ስዊድን ገለ ውሑዳት ኣውተቡሳት ውን ንህጻናት ዝኸውን ፍሉይ ንድሕሪት ገጹ ዝጥምት ኮፍ መበሊ ዘለወን ኣለዋ። ዙረትኩም ክትምድቡ እንከለኹም ከምኡ ዘለወን ኣውተቡሳት ሕተቱ! ብዙሓት ዓማዊል ንነኣሽቱ ህጻናት ውሑስ ናይ ኣውተቡስ ጉዕዞ ክሓቱ እንተጀሚሮም፡ ናይ ኣውተቡስ ኩባንያታት ድሕነት ህጻናት ንከቐድማ ንዘሎ ተኽእሎ ከዕብዮ ይኽእል ኢዩ።



Länstrafiken/Region Örebro County. ስእሊ: Alexander von Sydow.

# ህጻናት ኣብ ብሽክለታ።

## ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን

ንሓደ ህጻን ብዘይ ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን ኣብ ብሽክለታ ከተዛርዎ ኣዝዩ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቲ ቀንዲ ልሙድ ዓይነት ሓደጋ ናይቲ ህጻን እግሪ ኣብ ራጂ ናይታ ብሽክለታ ክተሓዝ እንከሎ ኢዩ። ዘመናውያን ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን እዚ ዳርጋ ፈጺሙ ከምዘየጋጥም ይገብሩ፡ ምኽንያቱ ናይቲ ህጻን እግሪ ኣብቲ መንኰርኮር ከም ዘየርክብ ከም ዝገብሩ ኮይኖም ኢዮም ደጋጊሞም ተሰሪሖም።

እቲ ህጻን ኣብ ከባቢ 9 ወርሑ ረጊኡ ኮፍ ክብል ካብ ዝጀመረሉ ኣትሒዝኩም ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን EN14344 ዝብል ምልክት ክህልዎ ኣለዎ - እዚ እቲ ኮፍ መበሊ ንናይ ኤውሮጳ ናይ ብቕዓትን ድሕነትን ጠለባት ከም ዘማልእ መረጋገጺ ኢዩ።

ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን ኣብ ክልተ ናይ ክብደት ደረጃታት ዝተኸፍሉ ኢዮም፡ እንተበዝሐ ካብ 15 ክሳብ 22 ኪግ ድማ ይስከሙ። ን22 ኪግ ዝተዓቀኑ ኮፍ መበሊታት ተመረጽቲ ኢዮም፡ ግን እቲ መእሰርን እቲ መዕረፍ እግርን ንነኣሽቱ ህጻናት ከም ዝኸውን ኮይኑ ክመዓራረ ዝኽእል ኽኸውን ኣለዎ።

ክልተ ዓይነታት ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ህጻን ኣለዉ፡ ናብቲ ናይ ዓንዲ ኮረሻ ዝለግቡ ኮፍ መበሊታትን፡ ናብቲ ናይ ድሕሪት መጽዓኒ ዝለግቡ ኮፍ መበሊታትን። እቶም ቀዳሞት ሙብዛሕቲኡ ግዜ ክብድ ዝበሉን ኣብ ሙብዛሕቲኡ ኩነታት ዝያዳ ርጉኣትን ኢዮም፡ ካብ ብሽክለታ ናብ ብሽክለታ ከተንቀሳቕስዎም ውን ዝያዳ ዝቐለሉ ኢዮም ምኽንያቱ ኣብ ሓያሎ ብሽክለታት ዝተሰቕለ መጾርያ ክህልወኩም ስለ ዝኽእል።

እታ ብሽክለታ ምቹእ ኮፍ መበሊን መኽልከሊ ራጅን እንተልይዋ፡ ዕድሜኹም ልዕሊ 15 እንተኾይኑ ትሕቲ 10 ዝዕድሚኡ ህጻን ክትስከሙ ሕጋዊ ኢዩ፡ ዕድሜኹም ልዕሊ 18 እንተኾይኑ ድማ ክልተ ትሕቲ 6 ዝዕድሜኦም ህጻናት ክትስከሙ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ብሽክለታ ተጎታቲ

ናይ ብሽክለታ ተጎታቲ ካብ ናይ ህጻን ናይ ብሽክለታ ኮፍ መበሊ ጽቡቕ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ናይ ብሽክለታ ተጎታቲ ክትመርጹ እንከለኹም፡ ናይ ርግኣት



ባህርያቱ ከተስተብህልሉ ኣለኩም - እዚ ማለት እቲ ተንታቲ ክትጥወዩ እንከለኹም ክግምጠል የብሉን ካብቲ መእሰሪኡ ድማ ክሞልቕ የብሉን ማለት ኢዩ። እቲ ተንታቲ ናብቲ ናይታ ብሽክሌታ ዳሕረዋይ መዞርያ (ቤርኖ) ዝተኣሰረ እንተኾይኑ፡ ወይ እቲ ናይ መንኰርኮር ሰረት ሰፊሕ እንተኾይኑ፡ ወይ ድማ እቶም መንኰርኮር ሰያፋት እንተኾይኖም ትሑት ናይ ምግምጣል ዕድል ኣሎ። እቲ ተንታቲ እንተተገምጢሉ ነቲ ህጻን ንከላኸለሉ ኩችነተ ክህልዎ ኣለዎ። እቲ መንኰርኰር ክስከም ዝተመጠነ ዝለዓለ ክብደት ክንደይ ምዃኑ ውን ኣረጋግጹ።

እቲ ናይ ህጻናት ክፍሊ ናይ ድሕነት መቑነት ክህልዎ ኣለዎ፡ እዚ መቐረን ቁልፊ ዘለዎ እንተኾነ ተመራጺ ኢዩ።

ብመሰረት ሕጊ “. . . ተንታቲ ተሸከርካሪ ዘለዋ ብሽክሌታ ክልተ ስርዓት ልጓም ክግጠማ ኣለዎ”። ጽቡቕ ናይ ልጓም ዓቕሚ ክህልዋ ድማ ይጥለብ።

### ቁራዕ ርእሲ ብሽክሌታ

ኩሎም ህጻናትን ትሕቲ 15 ዝዕድሜኦም ነኣሽቱ ሰባትን ብሽክሌታ ክዝውሩ እንከለዉ ወይ ብብሽክሌታ ክጓዓዝ እንከለዉ ቁራዕ ርእሲ ክለብሱ ብሕጊ ይግደዱ። NTF ኣብ ናይ ብሽክሌታ ተንታቲ ውን ቁራዕ ርእሲ ክልበስ ይመክር።

እቲ ቁራዕ ርእሲ ምልክት CE ከም ዘለዎ ኣረጋግጹ። እቲ ምልክት CE EN 1078 (ንልዕሊ 7 ዓመት ንዝዕድሜኦም ህጻናትን ዓበይቲ ሰባትን) ወይ EN 1080 (ቀጠልያ መቐለፊ ዘለዎ ቁራዕ ርእሲ ናይ ነኣሽቱ ህጻናት)፡ ከምዚ እንተኾይኑ እቲ ቁራዕ ርእሲ ንብሽክሌታ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ምዃኑ ትፈልጡ።

እቲ ቁራዕ ርእሲ ምእንቲ ከይወድቕ ወይ ንድሕሪት ከይድፋእ፡ ኣብቲ ናይቲ ህጻን ርእሲ ቀጥ ኢሉን ብምቹእነትን ከም ዝኣቱ ኣረጋግጹ።ንውላድኩም ቁራዕ ርእሲ ክትገዝኡሉ እንከለኹሞ ነቲ ህጻን ቀስ ኢሉ ዝኣኸሎ ዝዓብዮ ቁራዕ ርእሲ ክትገዝኡ የብልኩምን።

እቲ ቁራዕ ርእሲ ንግንባር፡ ንድሕሪት ርእሲን ንዘባን ርእስን ዝሽፍን ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ናይ ብሽክሌታ ሓደጋታት ካብ ዘጋጥሙ ናይ ርእሲ ማህረምትታት እቶም 70 ሚእታዊት ኣብ ግንባርን ኣብ መትልሕን ከም ዝኾኑ ዘክሩ።

እቲ ቁራዕ ርእሲ እንተተጨፍሊቑ ወይ ናብ ሓደ ከቢድ ረጽሚ እንተተቓሊዑ ቀይርዎ።

### ቀጠልያ ቁልፊ ዘለዎ ቁራዕ ርእሲ ብሽክሌታ

ስጋብ ሸውዓተ ዓመት ንዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ንነኣሽቱ ህጻናት ዝኸውን ቀጠልያ ቁልፊ ዘለዎ ቁራዕ ርእሲ ክትጥቀሙ ንመክር። ልክዕ ከምቲ ልሙድ ናይ ብሽክሌታ ቁራዕ ርእሲ ዝኸውን ውሕስነት ይህብ፡ እንተኾነ ግን እቲ ቀጠልያ መቐለፊ ሓደ ተወሳኺ ባህሪ ኣለዎ፡ ሓደ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ሰኸም ምስ ዘጋጥሞ ድማ ከምዝፍታሕ ይገብሮ። እቲ ህጻን ኣብ መሕኮሪ መቓን ወይ ተመሳሳሊ ነገራት ምስ ዝቐርቀር እቲ መቐለፊ ይፍታሕ፡ ነቲ ህጻን ድማ ካብ ማሕነቕቲ ይከላኸለሉ።

### ብሽክሌታ ሚዛን

ብሽክሌታ ሚዛን ፐዳል ዘይብላ ንእሽቶ ብሽክሌታ ኢያ፡ ህጻናት ናይ ብሓቂ ብሽክሌታ ክዝውሩ ቅድሚ ምኽኣሎም ድማ ይጥቀሙላ። ኣብ ሓንቲ ብሽክሌታ ሚዛን፡ እቲ ህጻን ፍጥነትን ንኸድልብን ልጓም ንሕዝን እግሩ ይጥቀም። ተሞክሮ ከም ዘርእዮ ብዙሓት ህጻናት ሚዛኖም ቀልጢፎም ይሕልዉ፡ እዚ ድማ ናብ ናይ ብሓቂ ብሽክሌታ ንኽሰግሩ ቀሊል ይገብሮ። NTF ህጻናት ናብ ብፐዳል እትዝወር ክልተ እግራ ብሽክሌታ ቅድሚ ምስጋሮ ብሽክሌታ ሚዛን ክጥቀምን ነቲ ናይ መደገፍታ ገጽ ምሉእ ብምሉእ ክነጥሮን ይምዕድ።

ሓንቲ ብሽክሌታ ሚዛን ወላ ውን ኣብ ሓደ ንእሽቶ ቁልቁል ኣዝዩ ብዙሕ ፍጥነት ክትድልብ ከም እትኽእልን ልጓም ምሓዝ ውን ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን ከም ዝኽእልን ዘክሩ። ፎኪስ ኲረትን ኣሰር መንኰርኮርን ጸገማት ክፈጥር ይኽእል ኢዩ። ቁራዕ ርእሲ ልበሱ ኩሉ ግዜ ድማ ኣብ መኪና ዘይብሉ ከባቢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዓበይቲ ሰባት ተጻወቱ።



## ክልተ-እግራ ብሽክለታ

እቲ ህጻን ዕድሚኡ ካብ 5-6 ምስኮነ፡ ክልተ እግራ ብሽክለታ ክዝውር ይኽእል ኢዩ። መደገፍታ ዘለዋ ክልተ እግራ ብሽክለታ ኣይትግዝኡ። እቲ ህጻን እቲ ዘድሊ ሚዛን ምሕላው ክሳብ ዝኽእል ክትጽበዩ ዝሓሸ ኢዩ። መደገፍታ እቲ ህጻን ልዑል ፍጥነት ንኽበጽሕ ይሕግዝዎ። ሓደጋ እንተጋጢሙ እዚ ከቢድ ማህሰይቲ  ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ እቶም መደገፍታ እቲ ህጻን ክጥወ እንከሎ ናብቲ ጌጋ ኣንፈት ከም ዝዘብል ይገብርዎ፡ እዚ ድማ ምስ ተኣለዩ ጸገማት ከምጽእ ይኽእል ኢዩ።

እታ ናይ መጀመርታ ናይ ብሓቂ ብሽክለታ እንገዝኣሉ ግዜ ምስበጽሐ፡ ነቲ ህጻን ልክዕ ዓቐኑ ዝኾነት ብሽክለታ ክትገዝኡሉ ምእንቲ ምሳኹም ክትማልእዎ ኣለኩም።.

ነኣሽቱ ህጻናት ኣብቲ ኮረሻ ኮፍ ምስበሉ ነቲ መሬት ብክልቲኡ እግሮም ክትንክፍዎ ክኽእሉ ኣለዎም። ብሽክለታ ምዝዋር ንዝኽኣሉ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕድመ ዘለዉ  ህጻናት፡ ነቲ መሬት ብሓደ እግሮም ክትንክፍዎ እንተኽኢሎም እኹል ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

እታ ናይቲ ህጻን ቀዳመይቲ ብሽክለታ ንፒዳለ ንድሕሪት ብምዝዋር ዝሰርሕ ልጓም ክህልዋ ኣለዎ።ማርሻ ወይ ናይ ኢድ ልጓም ኣብዚ ግዜ እዚ ኣየድልን ኢዩ። እቶም ህጻናት ብኢዶም ዝግበር ብዙሕ ነገር ኣለዎም ንኣብነት ሚዛኖም ክሕልዉ ምፍታን፡ ምጥዋይን ልጓም ምሓዝን።

ብሕጊ መሰረት ፡ እታ ብሽክለታ ቃጭል ክህልዋ ኣለዎ። ኣብ ቅድሚትን ኣብ ድሕሪትን ውን መብራህቲ ክህልዋ ኣለዎ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ነታ ብሽክለታ ኣብ ግዜ ጸልማት ይጥቀመላ እነተኾይኑ ብቕድሚትን ብድሕሪትን ከምኡ ውን ኣብ ጎድኒ ናይቲ መንኮርኮር ኣንጸባራቒ ክህልዋ ኣለዎ። ምልክት ዝተገብረሉ (ካብ ስርቂ ንምክልኻል) መፍትሕን ሰንሰለትን ምግባርን ውን ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ።

እታ ቀዳመይቲ ናይ ኢድ ልጓም ዘለዋ ብሽክለታ ክትገዝኡ እንከለኹም፡ እቲ ኣብቲ መጥወዪ (ማኖብርዮ) ዘሎ መትሓዚ ልጓም ምስቲ ናይቲ ህጻን ኢድ ተመጣጣኒ ክኸውን ኣገዳሲ ኢዩ።



# ብእግሪ ዝኸዱ ዘለዉ ህጻናት።

ድሕነት ህጻናት ኣብ ትራፊክ ሓላፍነት ናይ ዓበይቲ ሰባት ኢዩ። ህጻናት ዘለውዎ ኣከባቢ ብዝተኻእለ መጠን ውሑስ ክኸውን ስራሕ ናይ ዓበይቲ ሰባት ኢዩ።

ህጻናት ኣብ ትራፊክ ክህልዉ እንክለዉ ባህርያት ናይ ዓበይቲ ሰባት ክርእዩ ኣይንጽበዮምን ኢና። ንኣብነት፡ ሓደ ህጻን ሓደ መዓልቲ ኣብ ትራፊክ ውሑስ ዝኾነ ባህሪ ክርኢ ይኽእል ይኸውን፡ ኣብቲ ዝቕጽል መዓልቲ ግን ፈጺሙ ብካልእ መንገዲ ክኸይድ ይኽእል ይኸውን። ነኣሽቱ ህጻናት ብስምዒታቶም፡ ንኣብነት ሓጎስ ወይ ሕርቃን ወይ ሃንደበታዊ ብርቱዕ ተገዳስነት ኣብ ሓደ ነገር ብቐሊሉ ከስግሉ ይኽእሉ። ንድፍኢታቶም ብቐሊሉ ይኸተሉ፡ ብቐጥታ ናብቲ ጎደና ክጎዩ ድማ ይኽእሉ። ኣብ መብዛሕቲኡ ኩነታት ስእለ-ኣእምሮኦም ይሰዕሮም - ብሓጺሩ፡ ቆልዑ ቆልዑ ኢዮም፡ ወላ ውን ኣብ ትራፊክ።

### መኪና-ዘይብሉ ከባቢ

ነኣሽቱ ቆልዑ ኣብ መኪና ዘይብሉ ከባቢ ጥራይ ኢዮም ድላዮም ክገብሩ ክግደፉ ዘለዎም። ኣብቲ ከባቢ መካይን ወይ ካልኦት ተሽከርከርቲ ኣብ ዘለዋሉ፡ ነቲ ቆልዓ ብኢዱ ምሓዝ ዝሓሸ ኢዩ።


### ኣንጸባራቒ

40 ሚእታዊት ካብቶም ኣብ ልዕሊ ኣጋር ዘጋጥሙ ሓደጋታት ትራፊክ ኣብ ግዜ ጸልማት የጋጥሙ። ኣንጸባራቒ ምልባስ ሰባት ንኽርኢኹም ቀሊል ይገብሮ፡ ሓደጋ ኪጋጥም ንዘሎ ተኽእሎ ድማ ይቕንሶ።

ኣንጸባረቕቲ ንጸልማት ናይ ገጠር ጽርግያታት ጥራይ ኣይኮኑን ዝጠቕሙ። ወላ'ኳ ምልክታት ኒዮንን ናይ ጎደና መብራህትታትን እንተሎ ኣብ ናይ ከተማ ትራፊክ ኣንጸባረቕቲ ምልባስ ዝያዳ ኣገዳሲ ኢዩ። መብዛሕቲኦም ኣብ ልዕሊ ኣጋር ዘጋጥሙ ሓደጋታት ኣብ ናይ ጎደና መብራህቲ ዘለዎም ናይ ከተማ ከባቢታት የጋጥሙ። ሓደ ናይዚ ምኽንያት ክኸውን ዝኽእል ብዙሓት ኣጋር፡ ኣብ ውሽጢ መኪና ኬንካ ክረኣዩ ዘይክእሉ እንከለዉ፡ ዝረኣዩ ዘለዉ ስለ ዝመስሎም ኢዩ።

ሓደ ጽቡቕ ኣንጸባራቒ ጨራ ብርሃን ምስሃረሞ ኣብ ጸልማት ወይ ኣብ ትሑት ትርኢት ዘለዎ ኩነታት ይረአ ኢዩ። እቲ ኣንጸባራቒ ነቲ ዝሃረሞ ብርቱዕ ብርሃን የንጸባርቖ። እቲ ኣንጸባራቒ በቲ ጨራ ናይቲ መብራህቲ ቕድሚት ምእንቲ ክህረም ኣብ ታሕቲ ልበስዎ። ኣብ ጅሮሎ ኣንጸባራቒ ምግባር ጽቡቕ ሓሳባ ኢዩ ምኽንያቱ ብመሳገሪ ኣጋር ክትሳገሩ እንክለኹም ክረአ ምእንቲ። ነኣሽቱ ህጻናት ኣንጸባራቒ ጅለ ክለብሱ ጽቡቕ ኢዩ። እቲ ህጻን ክጻወት እንክሎ ኣየሸግርዎን ኢዮም፡ ብናይ ህጻናት ዓቕን ዝተዳለዉ ድማ ኢዮም።

ጸሊም ክዳውንቲ ለቢስኩም እንተሊኹም ናይ ቀረባ መብራህቲ ዝጥቀም ዘሎ መራሕ መኪና ኣብ 20 ክሳብ 30 ሜትሮ ኣብ ዘሎ ርሕቀት ክርእየኩም ኢዩ። ብርህ ዝበለ ሕብሪ ዘለዎ ክዳውንቲ ለቢስኩም እንተሊኹም ግና ኣብ ናይ 60 ሜትሮ ርሕቀት ክርእየኩም ኢዩ። ኣንጸባራቒ ለቢስኩም እንተሊኹም ድማ እታ መኪና ካብ 125 ሜትሮ ክትርእየኩም ኢያ።



# ንማሕበራትና ርኸብዎም

Blekinge: **blekinge.ntf.se**

Dalarna: **dalarna.ntf.se**

FyrBoDal: **fyrbodal.ntf.se**

Gotland: **gotland.ntf.se**

Gävleborg: **gavleborg.ntf.se**

Halland: **halland.ntf.se**

Jämtland: **jamtland.ntf.se**

Jönköping: **jonkoping.ntf.se**

Kalmar: **kalmar.ntf.se**

Kronoberg: **kronoberg.ntf.se**

Norrbotten: **norrbotten.ntf.se**

Skaraborg: **skaraborg.ntf.se**

Skåne: **skane.ntf.se**

Stockholm: **stockholm.ntf.se**

Sörmland: **sormland.ntf.se**

Uppsala: **uppsala.ntf.se**

Värmland: **varmland.ntf.se**

Väst: **vast.ntf.se**

Västerbotten: **vasterbotten.ntf.se**

Västernorrland: **vasternorrland.ntf.se**

Västmanland: **vastmanland.ntf.se**

Örebro: **orebro.ntf.se**

Östergötland: **ostergotland.ntf.se**

NTF
ውሑስ ትራፊክ